# Bye bye
# ቀዋዒት ኦሮማይ

ሕጂ ዘየውጽእዋ ካብ ማዕሙቕ ጥልቀት
ንዕርብርብ እንዳሃተፈት
ከዳሚቶም ዶ ኣይነበረትን ዝበልዋ ትደግም
ዝረገጸቶ ጠሊምዋ ሓሻካ ማሌ ግርግም ናብቲ ህጉም

ተጣቕዕ ዶ ኣይነበረትን ተንቀባርር
ተንቀላውጥ ዶ ደኺይ ነበረት ትልቕልቕ ትጽሕትር
ጻሕገርገር ዶ ኣይበለትን ብኽድመት ተዓሲባ
ሕጂ እንደሞ ተቐለዐ ውሽጣዊ ጉልባባ

መሬት ዓዲ ሃገር ቆራሚማ ሸይጣ
ብዝሕላን ጮማን ከብዳ ኣዘፍጢጣ
ዘይትፈልጦ ክትፎ ቃላጽማ እንተሕበጣ
መሲልዋ ዝሓየለት ኣህዛብ ንቑልቁላ ኣፋጢጣ

ሕጂ እንደሞ ደበንገረ ኣንጸላልይዋ
መቓቕሮ እሳት ከቢብዋ--ረመጽ ተኻዕይዋ
ኣውዳላት ኣግኣዚ ደ' ሞ ክሳድ ኣውዒሎም
ጠብጠብቲ ለኣኽቲ ደ 'ሞ ሕጂ ኣድሒኖም

ስርግፍኦ ክትመልእ ፎቖዶ ዓውዲ ትቕውዕ
ግኖያ ክትምእርር ዳስ እንዳማታ ተጣቕዕ
ካብትን ካብትን ገባቢታ--እጆታ እንዳ ማታ
ዘለቕለቕ እንዶ ኾነ ሪሕብዋ ላዕታ

እዛ ነውራም !ዲሞክራሲ ያኢ ተረኺቡለይ ንዕንዳን
ጽዩፍ ባህሊ !ሰብኣይ ምስ ሰብኣይ ቃል ኪዳን
ቅዲ ሰብ ጻዕዳ ገዛ ከም ዘለዎ ሪዒማ
እዛ ቀዋዒት ቃርማ-- መሬት እንዶ ጠለማ

ዘሳወረቶ ሸልቢብዋ ሓሻካ ቀዋዒት
ሕጂ ደ 'ሞ ናዕቢ ጎንደር ተመሊሱ ድሕሪት
ጽልኢ ወልቃይት ቅዝፈት ኦሮሞ
ቀዋዒት ተቐርቂራ ናበይ እያ ትሃድሞ

ሓሻካ ማሌ መሬት ሃሚምዋ
እሳት ከቢብዋ
ፈኸምታ ቁልዒ ገሃጽሃጽ ኢሉ ካብ ገንደር ክሳብ ሸዋ
ሕጂ ደሞ ኣራት ኪሎ መጺና ኣድሒናኪ
ውዕሎ ወፍሪ ስግረ ዶብና ረሲዕኪ ሕስምና ተመነኺ

ኣበይ ደኣ ኣለዉ ያሒት ኣግኣዚ
ቀዋዒት ከዳሚት ዘየድሕኑኺ ሕጂ
ባዕልኺ ብዝፈጠርኪዮ ረመጽ እምባጋሮ
ቲኽ ቲኽ በሊ እምበር ከም ጻሕሊ ሽሮ

ሓሻካ ቀዋዒት ተባላሊዓ ከም ዓሳ
ናበይ እያ ትሃድሞ ተሰኪማ እልቢ ኣበሳ
ቀርጺጻ ሕጂ ኣብ ርሱን ሞቕሎ ተኻሲሳ
ሓሻካ ማለሊት ሱራ ተነቒሉ ካን በስቢሳ
ብርእሳ መሽሚሻ በድኒ ድባሕ ከም ዓሳ

ቦኽቢኻ ካን መፍቶ ባልዕ ቁንቁነ
ነቒዛ ዓስያ ማለሊት ከምቲ ዝመንገነ
ትካሰስ ኣላ ሓድሕድ ትወናጀል
ተሓሚሳ ዶ ሕጂ ብህዝባዊ ማዕበል

ናበይ እያ ትሃድሞ ምስ ገበታ ሓጥያታ
ንህትፍትፍ ኮይኑ ካን ሸለው ንዕርበታ
ወያ ቀዋዒት ኣኺሉ ግዚኣ እዛ ጻሕታሪት ሰሪ
ኦሮማይ ቀዋዒት ተጸንቀቓ እታ ትልኽ ዕምሪ

ሓሻካ ቀዋዒት ኦሮማይ
Bye bye bye

ኣሸናፊ ኣብርሃም(ኣሼ )
ጀርመን 2017